# ተሳኺና ሓቢርና ንህግደፍ ነልግስ
# ጥዑም ዘበን ክኮነልና ሰላም ንክነግስ

ብ ገ/ሚካኤል ሃብተጽዮን (ቐርጀ)
24.ሓምለ 2010

ጥልመት ንሰማእታትና
ጥልመት ንኣካለ ስንኩላትና
ጥልመት ንየዋህ ህዝብና
ጥልመት  ንሓርበኛታት ጀጋኑና
ጥልመት ንብሄራትና
ጥልመት ንኣዉራጃታትና
ክብሪ ተነፊግዎም ወለድና

ኣንታ ሰብኣይ ኮይኑ ስሙ ኣቦ ጂግና
ክብሪ ስኢኖም መራሕቲ ሃይሞኖታትና
ስልጣኑ ጨዉዩዎሞ ንህዝብና
ደቆም መንጢልቆም ንስድራና
እዚ ኹሉ ግፍዒ እንዳተፈጸመ እንዳሬኤና
ዓገብ ዘይትብሉ'ታ እንታይ'ዩ ዓዚሙና
ካብ ፋሽሽቲ ስርዓት ህግደፍ እንታይ ረብሓ ኣሎና
እንዳረኤናዮ በዕንትና

እንዳ ኣሽካዕለልና እንዳሓጨጨልና
ኢሂን ሚሂን ንበሃል ማዕረ'ዩ ረብሓና
ኣብ ልብኹም ተመለሱ ነድሕኖ ህዝብና።

ህዝበይ ከይትሓርስ ከይትሓፍስ ምህርታ
ንኩሉ ሽይጥዎ እቲ ስብሕ መሬታ
ደቃቶም ገይርዎም መፈወንቲ
እንዳበሉ ክተቱ ክተታ
ሃዋርያ ህግደፍ ፈተዉቲ ሕሜታ
ሓሶታት ዘየሕፍሮም ቁዱዳት ሎቕታ
ይአኽለኩም ልግጫ ጸወታ።

ኩሉ ዘረብኦም ኣባልዓ እንጌራ
ፈሓስቲ ተንኮላት በዓል እንኪሒራ
ሓሶት ዘየሕፍሮም ኣልቦ ጃህራ
ጸረ ሰላም ጸረፍትሒ በታተንቲ ስድራ

ንዉጹዕ ህዝብና ክፈኽሰሉ ጾሩ
ክንቃሳቀስ ዘሎ ተሓይሩ
መቁሖ ክፍታሕ ዘሎ ታአሲሩ
ንህግደፍ ክንምሕዎ ሱሩ ሰራዉሩ
መን ከማና በሃልቲ ከይሓፈሩ
ብኻልኦት ዝዋራዘዩ ዉሻጥኦም ከይኮስተሩ።

ብዓለም ዝተመስከረሉ ትዕቢተኛ
ሕጊ-ኣልቦ ዘይቅይዶ ዳኛ
ከቢሩ ዝሓሰረ ዉርደተኛ
ትፍኡ ዘልምጽ ሓሳዊ ጃህረኛ
ንኩሉ ዘናእስ ትምክሕተኛ
መን ከማይ በሃላይ ሓሳዊ ጉረኛ
ብህዝቢ ተሓታቲ'ዩ ገበነኛ።

ጻሕታር ዉግእ ምስ ጎረባብትና
ዓገብ ንዝበሉ ዘርዮምና
ኣሜርካ ኢዮም ጸላእትና
ኣይንወጽእን ካብ መሬትና
ዘዉጻኣና ክንርእዮ'ና
ባዕሉ ወሪሩ ተወሪርና
ጸሓይ ዋላ ኣይትብረቅ ካብ ባድመ ወጻእና
ዓለም ብዓለማ ተኻይያ ለሚና
ንጥፍኣት ንዉግእ በለ ደንጉዮምና
ትሕዝቶ ዘይብሎም ጥርሑ ገረወኛ
እንተደሊና ኣሕጽር  ኣሕጽር ከነብሎ ኢና
መቐለ ተመሲሕና ኣዲስ አበባ ድራርና
እንዳበለ ፈከረ ሓሶቱ ዓብሎኾና
ኣድፍርዎም ንህዝብና መሬትና
ኣጥፍእዎም ንመንእሰያትና።

ብዓለም ተለሚኖም ምስ ኣቅበጹ
ንጥፍኣት ኣሕዋትና ተረበጹ
ብሰላም ይፈታሕ ኢሎም ንዘድመጹ
ዓገብ ንዝበሉ ዝገሰጹ
ኣስማት ለጠፈሎም መመሪጹ
ሃገር እንዳባደመት በለ ተሃኒጹ
ኢደ-በይዛ ንህዝቦም ዘይድንግጹ
ክነብሩ ዝሓለሙ እንዳዓመጹ
እምቢ ንዝበሎም እንዳቑረጹ

**ዉርደትን ሕፍረትን ንህግደፋዉያን!**
**ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና!**
**ዓወት ንዉጹዕ ህዝብና !**